# ኣብ ሳልሳይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ዝፀደቐ ዝተመሓየሸ መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

Bureau of Justice

## ምዕራፍ ሓደ
## ሓፈሻዊ ኩነታት

### ዓንቀፅ 1- ስያሜ እዚ ማሕበር

እዚ ማሕበር "ማሕበር ልምዓት ኢሮብ" (ማ.ል.ኢ.) ተባሂሉ ይፅዋዕ።

### ዓንቀፅ 2- ትርጉም

ኣብዚ ደንቢ ናይቲ ቃል ኣግባብ ካልእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ቐፂሎም ዘለው ቃላትን ሓረጋትን እዚ ዝስዕብ ትርጉም ይህልዎም፣

1. ኢሮብ ዝብል ስያመ ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ምብራቕ ብሰሜናዊ ጫፍ ምስ ኤርትራ ኣብ እትዳቦ ናይ ዝነብር ብሄረሰብ ተወለድትን ናይቲ ወረዳ መፀውዒ ስም ኾይኑ ኢሮብ ብሄረሰብ ኣብ ትግራይ ካብ ዘለው ሰለስተ ብሄረሰባት ሓደ እዩ።
2. ማሕበር ማለት ኣብዚ ተመስሪቱ ናይ ዘሎ ናይ ኢሮብ ብሄረሰብ ናይ ልምዓት ውዳበ እዩ።
3. ሓፈሻዊ ጉባኤ ወይ ጉባኤ ማለት ኣብ መሓውር እዚ ማሕበር ዝለዓለ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይዚ ማሕበር ዝውክሉ ኣባላት እዮም።
4. ማ.ል.ኢ. ማለት ኣሕፅሮት ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዩ።
5. ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዝሓውስ ይኸውን።

### ዓንቀፅ 3 - ኣቃውማ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ፣ ዓርሱ ኪኢሉ ጠጠው ዝበለ ኣብ ትርፊ ዘይተመስረተ ናይ ልምዓት ውዳበ ኾይኑ ቀይሙ ኣሎ።

### ዓንቀፅ 4 - ሕጋዊ ሰብነት

እዚ ማሕበር ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኮይኑ ንብረት ናይ ምውናን ውዕሊ ናይ ምውዓል ናይ ምኽሳስን ተኸሲስካ ናይ ምቕራብን ከምኡ'ውን ካልኦት ምስ ዕላምኡ ዝተተሓሓዙ ኣድለይቲ ተግባራት ናይ ምፍፃም ክእለት ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 5 - መስረቲ እዚ ማሕበር

መስረቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

| ተ.ቑ | ስም | ዜግነት | ኣድራሻ ዞባ | ቀበሌ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ደስታ ተስፋይ ገብራይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 05 |
| 2 | ኣባ ምስግና ወልዱ ሃውኩ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 16 |
| 3 | ፍትዊ ምስግና ሓሊቦ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | ዓዲ ሽምዱሑን |
| 4 | በርሀ ሃይለማርያም ካሕሳይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 5 | ሲ/ር መድህን ተስፋይ ፍሱሕ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 68 |
| 6 | ጠዓመ መሓሪ ገ/ዝጊ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 17 |
| 7 | ኣቶ ኣሰፋ ተሰማ ተስፋይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 07 |
| 8 | ሓጎስ ምራጭ ፍሱሕ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 9 | ተስፋይ ገብራይ ወ/ማርያም | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 10 | ኣስገዶም በርሀ ሓጎስ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 11 | ካሕሳይ ደበሉ ገብራይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 12 | ሃይለ ማርያም ዮሃንስ ተስፋይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 16 |
| 13 | ትብለፅ ገብራይ ሱባ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 14 | ኣቶ ጋይም ወልደጊዮርጊስ ዓደውመር | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 18 |
| 15 | ሓጎስ መድህን ታስፋይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | 06 |

## ዓንቀፅ 6 - ዕላማታት እዚ ማሕበር

እዚ ማሕበር እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ።

1. ህዝቢ ኢሮብ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ ዝገብሮ ፃዕሪ ዝሕግዙ ስራሕቲ ብምስራሕ ድኽነትን ምንካይን መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ምምሕያሽን።
2. ባህልን ቋንቋን፣ ቅርስን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን።

## ዓንቀፅ 7- ኣርማ እዚ ማሕበር

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ህልዊ ኩነታት ከባቢናን መፃኢ ናይ ልምዓት ራኢናን ዘንፀባርቕ ናይ ባዕሉ ኣርማ ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 8 - ዋና ቤት ፅሕፈት

ናይዚ ማሕበር ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብ መቐለ ኾይኑ ከከም ኣድላይነቱ ጨንፈር ቤት ፅሕፈታት ይህልዎ፣ ዋና ቤት ፅሕፈት ብኣብዝሓ ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክቕየር ይኽእል።

## ዓንቀፅ 9 - ናይ ዕላማ ሓድነት

እዚ ማሕበር መንግስቲ ዝሓንፀዖ ድኽነት ናይ ምንካይ ፖሊሲ ደጊፉ ጠጠው ዝበለ ስለዝኾነ ምስ ኩሎ ናይ ልምዓት ውዳበታትን ናይዚ ማሕበር ዕላማታት ምስ ዝድግፍ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ወገናት ስጡም ዝምድና ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 10 - ኣባልነት

1. ተወላዲ ብሄረሰብ ኢሮብ ኩሉ ኣብዚ ማሕበር ተወዲቡ ንልምዓት ከባቢኡ ክራባረብ ይኽእል።
2. ካብ ተወለድቲ ኢሮብ ወፃኢ ነዚ ሕብረተሰብ ኣብ ዝጠቅም ናይ ልምዓት ስራሕ ብምስታፍ ናይ ምሕጋዝ ሰናይ ድሌት ዘለዎን፣ ኣብ ዓንቀፅ 6 ዝተገለፁ ዕላማታት ከዐውትን ሕገ-ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝቕበልን ዘተግብርን ዝኾነ ይኹን ሰብ ናይዚ ማሕበር ኣባል ክኸውን ይኽእል።

## ዓንቀፅ 11- መሰልን ግቡእን ኣባል

ሀ. መሰል ኣባል ·

1. ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ሓላፊነት ቦታ ክምረፅን ክመርፅን ይኽእል
2. ብዛዕባ ናይቲ ማሕበር ምንቅስቓሳት ሙሉእ ሓበሬታ ናይ ምርካብን ምክትታልን መሰል ይህልዎ፣
3. ብናይዚ ማሕበር ዕላማን ሕግን ደንብን መሰረት ካብዚ ማሕበር ዝርከብ ረብሓ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፣
4. ዝኾነ ኣባል ካብ ኣባልነት ናይ ምልቓቕን ክፍሊት ናይ ምቁራፅን መሰል ኣለዎ።
5. ብመሰረት ዕላማና ሕግን ደንብን እዚ ማሕበር ዝኾነ ኣባል ካብ ኣባልነት ክለቅቕ እንተሎ ዝሓቶ ጥቕማጥቕምን ዘውርስ ኣባልነትን ኣይህልዎን።

ለ. ግቡእ ኣባል

1.ብላዕለዋይ ኣካል እዚ ማሕበር ብዝውፅእ መምርሒን ተመንን መሰረት መመዝገቢን ወርሓዊ ክፍሊትን ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።

2. ኣብ ዝተፈላለዩ ናይዚ ማሕበር ስራሕ መደብ ምርካብን ምስታፍን ዝተውሃቦ ሓላፊነት ብኣግባቡ ናይ ምፍፃም ግቡእ ኣለዎ።

3. ናይዚ ማሕበር ዕላማን ሕገ ደንብን ናይ ምኽባርን ናይ ምሕላውን ግዴታ ኣለዎ፣

## ዓንቀፅ 12 - ፍልፍል እቶት ናይዚ ማሕበር

1. ካብ ኣባላት ዝርከብ መዋጮን ናይ ኣባልነት ክፍሊትን
2. ናይ ልምዓት ፕሮጀክታት ብምድላው ካብ ዝርከብ ሓገዝ
3. ዝተፈላለዩ ናይ እቶት መተኣኻኸቢ መድረኻት ብምድላው፣
4. ካብ ገበርቲ ሰናይ ሓገዝ ብምሕታት ካብ ዝርከብ ኣታዊ ይኸውን፣

# ምዕራፍ ክልተ

# መሓውርን ተግባራትን እዚ ማሕበር

## ዓንቀፅ 13- መሓውር እዚ ማሕበር

እዚ ማሕበር እዞም ዝስዕቡ ዋና ዋና ማሓውራት ይህልዎ፣

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ
2. ቦርድ
3. ቤት ፅሕፈት
4. ኮሚቴታትን
5. ኦዲትን'ዮም።

## ዓንቀፅ 14 - ሓፈሻዊ ጉባኤ

1. ካብዚ ንዳሓር ሓፈሻዊ ጉባኤ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ካብቶም ናይዚ ማሕበር ኣባላት ዝተመረፁ ኣባላት ዝሓዘ ኣካል ቆይሙ ኣሎ።
2. በዝሒ ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ አወኻኽልኦምን ብቦርድ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 15 - ስልጣንን ተግባርን ሓፈሻዊ ጉባኤ

ናይዚ ማሕበር ጉባኤ ተፀዋዕነቱ ንዝወከሎ ህዝቢ ኾይኑ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ሓላፍነትን ይህልዎ።

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይዚ ማሕበር ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣካል'ዩ።
2. ኣባላት ቦርድ ይስይም፣
3. ናይዚ ማሕበር ዕላማ፣ ፖሊሲን ስትራተጅን የፅድቕ፣
4. ብናይዚ ማሕበር ቦርድን ናይ ወፃኢ ኦዲትን ዝቐርበሉ ፀብፃብ የዳምፅ ውሳኔታት የሕልፍ፣
5. ናይዚ ማሕበር ዓመታዊ ትልምን በጀት ኣፈፃፅማን ሪፖርት ይሰምዕ ይግምግም የፅድቕ፣
6. ኣብ ናይ ማሕበር መታሓዳደሪ ደንቢ ዝመሓየሹ ወይ ዝውሰኹ ጉዳያት እንተሃልዮም ብቦርድ እንትቐርቡሉ ዘትዩ የፅድቕ፣
7. ህዝቢ ኣብቲ ማሕበር ተወዲቡ ንልምዓት ከባቢኡ ዝለዓዓለሉ መንገዲ ዘትዩ የቐምጥ፣ ተፈፃምነቶም ይከታተል።

## ዓንቀፅ 16 - ኣኼባን ናይ ውሳነ ስነ-ስርዓት ደንቢን ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣኼባ

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ብቦርድ ዳይሬክተር ይምራሕ
2. ሓፈሻዊ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ሰለስተ ዓመት ሓደ ጊዜ ኣኼባ የካይድ፣ ኾይኑ ግና ኣድላይ ኾይኑ እንትርከብን ብቦርድ ዳይሬክተር ወይ ድማ ብሓደ ሲሶ ($^1/_3$) ኣባላት ቦርድ ሕቶ እንትቐርብ ህፁፅ ወይም ተወሳኺ ኣኼባ ክገብር ይኽእል።
3. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት እቲ ጉባኤ እንትርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።
4. ዝኾነ ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣብ ኣኼባ ካብ ዝተረኸቡ ኣባላት 50% +1 ድምፂ ይውስን፣ ድምፂ ማዕረ እንትኸውን ኣካቢ ዝደገፎ ሓሳብ ይውሰድ፣
5. ናይ ቦርድ መረፃ እንትግበር ሰለስተ መማረፂ ኮሚቴ ካብቲ ኣባል ተመሪፆም መረፃ ክካየድ ይግበር።

## ዓንቀፅ 17- ኣባላት ቦርድ

1. ኣባላት ቦርድ ካብ ኣባላት እዚ ማሕበር ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይምረፁ፣
2. በዝሒ ኣባላት ቦርድን ኣወኻኽላኦምን ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይውሰን፣

## ዓንቀፅ 18 - ተግባርን ሓላፊነትን እዚ ቦርድ

1. ተፀዋዕነት ቦርድ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ኾይኑ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነትን ይህልውዎ።
2. ናይዚ ማሕበር ዝተፈላለዩ መምርሕታትን ኣሰራርሓታትን ክወፅእ ይገብር የፅድቕ ኣፈፃፅማኦም ይከታተል።
3. ናይዚ ማሕበር ናይ ልምዓት ስልትን ኣካይዳን በብእዋኑ እናገምገመ ይፈቅድ፣
4. ናይዚ ማሕበር ናይ ባንኪ ሒሳብ ክኽፈትን ክንቀሳቐስን ይፈቅድ፣
5. ናይዚ ማሕበር ዓመታዊ ናይ ስራሕ ትልምን በጀትን ክዳሎ ይገብር ይግምግም ይፈቅድ፣
6. ኮሚቴታትን ናይ ቤት ፅሕፈት ስራሕተኛታትን ብዝተዋሃቦም ሓላፊነት መሰረት ስራሕቲ ማሕበር ብብቕዓት ይፍፅሙ ምህላዎም ይከታተል፣
7. ናይ እዚ ማሕበር ፍልፍል እቶት ዝረኽበሎም መንገድታት የመቻቹን ይሕብርን፣
8. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዝተወሰኑ ውሳነታት ተፈፃምነቶም ይከታተልን የተግብርን፣
9. ብቦርድ ዳይሬክተር ዝቐርበሉ ሹመት ስራሕ መካየድን ከም ኣድላይነቱ ናይ ካልኦት ናይ ስራሕ ሓለፍትን የፅድቕ፣
10. ብኮሚቴታት ዝቐርበሉ በጀትን መምርሕን መርሚሩ የፅድቕ፣ የማሓይሽ ይስዕር።
11. ብዛዕባ ምኽፋት ቤት ፅሕፈትን ክህልውዎ ዝግብኡ ሰራሕተኛታትን ይውስን፣ ኣቆፃፅራን ኣማሓድራን ሰራሕተኛታትን ዝምልከት መምርሒ የፅድቕ ፣
12. ናይ ኣባላት ቦርድ ኣባላት ኮሚቴን፣ ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታትን ጥቕማጥቕሚ ይውስን፣
13. ብዛዕባ ንዝተፈላለዩ ምስ ዕላማኡ ምትሕሓዝ ንዘለዎም ዝዋሃብ ናይ ልቓሕን ሓገዝን ገንዘብ ዝምልከት ይውሰን፣
14. ብጉድለት ስነ-ምግባር ወይ ካሊእ ብቑዕ ምኽንያት ሓላፍነቶም ንዘይዋፅኡ፣ ዳይሬክተር፣ ምክትል ዳይሬክተርን ፀሓፊን ሓዊሱ ኣባላት ቦርድ ካብ ሓላፍነት የውርድ ከክንዳኦም ካብ ኣባላት ቦርድ ካልኦት ይትክእ፣ ነዚ ዝምልከት ሪፖርት ንጉባኤ የቕርብ።
15. ጉባኤ ዝካየደሉ እዋን ክሳብ ዓመት ክነውሕ ይኽእል፣

16.ካልኦት ዕላማ ማሕበር ዝምልከቱ ስራሕትን ውሳነታትን ይፍፅም፣

## ዓንቀፅ 19 - ኣኼባን ናይ ውሳነ ስነ-ስርዓትን ስራሕ ዘበን ቦርድ

1. ቦርድ ዳይሬክተር ናይቲ ቦርድ ኣካቢ ይኸውን፣
2. ናይ ኣኼባ እዋን ቦርድ ኣብ ዓመት 2ተ ግዜ ኾይኑ ዳይሬክተር ወይ ድማ ብሓደ ሲሶ ኣባላት ቦርድ ሕቶ እንተቕርብ ተወሳኺ ኣኼባ ክግበር ይኽእል፣
3. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት ቦርድ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
4. ዝኾነ ውሳነ እቲ ቦርድ ኣብ ኣኼባ ካብ ዝተረኽቡ ኣባላት ብ50%+1 ድምፂ እንትድግፍ ተቐባልነት ይህልዎ ድምፂ ማዕረ እንትኸውን ኣካቢ ዝደገፎ ሓሳብ ይሓልፍ።
5. ስራሕ ዘበን ቦርድ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይውስን።

## ዓንቀፅ 20 - ስልጣንን ተግባርን ቦርድ ዳይሬክተር

1. ኣኼባ ሓፈሻዊ ጉባኤን ቦርድን ብኣቦ ወንበርነት ይመርሕ
2. ተፀዋዕነት ቦርድ ዳይሬክተር ንሓፈሻዊ ጉባኤን ንቦርድን ይኸውን
3. ነቲ ቦርድ ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ይውክል፣
4. ኣኼባ ቦርድ ይፅውዕን ይመርሕን፣
5. ናይቲ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ስራሕ መካየድን ክም ኣድላይነቱ ካልኦት ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈትን ሹመት ናብ ቦርድ ኣቕሪቡ የፅድቕ
6. ናይቲ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ስራሕ መካየድን ካልኦት ሰራሕተኛታትን የሰናብት
7. ቁፃር ሰራሕተኛታት ቤት ፅሕፈት የፅድቕ፣
8. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ኣፈፃፅማ ብቐረባ ይከታተል ይመርሕ፣
9. ብሓፈሻዊ ጉባኤን ብቦርድን ዝተወሰኑ ውሳነታትን እቲ ማሕበር የተግብር ተግባራውነቶም ይከታተል፣
10. እዋናዊ ፀብፃብ ቤት ፅሕፈትን ኮሚቴታትን ይቕበል፣
11. ስራሕቲ ኮሚቴታት ይከታተል ይመርሕ ኣድላይ ደገፍ ይገብር፣
12. ናይቲ ማሕበር ባንኪ ሒሳብ በቲ ማሕበር ሽም ክኽፈት ይፈቅድን ፈረምቲ ይውክልን፣
13. ናይ ደገ ኦዲተራት ምስ ቦርድ ብምርድዳእ ይሰይም ክፍሊቱ የፅድቕ፣

14. ንናይ ማሕበር ዕላማ ዝውዕል ክፍሊት የዕድቕ ይውስን፣
15. ናይ ማሕበር ፀብፃብ ንቦርድን ንሓፈሻዊ ጉባኤን ይቕርብ፣
16. ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት ማሃያ ኣበልን ጥቕማ ጥቕምን ይፈቅድ፣
17. ካልኦት ብቦርድ ዝዋሃቡዎ ስራሕቲ ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 21 - ስልጣንን ተግባርን ምክትል ቦርድ ዳይሬክተር

1. ንቦርድ ዳይሬክተር ብስራሕ ይሕግዝ
2. ቦርድ ዳይሬክተር ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ ይሰርሕ
3. ብቦርድ ዳይሬክተር ዝዋሃብዎ ስራሕቲ ይሰርሕ።

## ዓንቀፅ 22 - ስራሕን ሓላፍነትን ፀሓፊ ቦርድ

1. ቃለ-ጉባኤ ቦርድን ሓፈሻዊ ጉባኤን ይሕዝ
2. ምስ ቦርድ ዳይሬክተር ብምርድዳእ ኣጀንዳታት ኣኼባ ቦርድን ሓፈሻዊ ጉባኤን የዳሉ፣
3. ቤት ፅሕፈት ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣
4. ሰነዳት ማሕበር ብጉባኤ ምትሓዞም ይከታተል
5. እዋናዊ ፀብፃባት የዳሉ።

## ዓንቀፅ 23 - ስራሕን ሓላፍነትን ስራሕ መካየዲ ቤት ፅሕፈት

1. ተፀዋዕነት ስራሕ መካየዲ ቤት ፅሕፈት ንቦርድ ዳይሬክተር ይኸውን፣
2. ስራሕ መካየዲ ናይ ቤት ፅሕፈት ናይዚ ማሕበር ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ብሕግን ኣሰራርሓን መሰረት የማሓድር ድሕንነቱም የረጋግፅ።
3. ብቦርድ ዳይሬክተር ብፅሑፍ ምስተፈቐደሉ እዚ ማሕበር ምስ ሳልሳይ ወገን ዝገብሮም ውዕለትን ካልኦት ርክባትን ነዚ ማሕበር ወኪሉ ይሰርሕ
4. ናይዚ ማሕበር ዓመታውን ስትራተጂክ ትልምን የዳሉ፣ ምስ ፀደቐን ብቦርድ እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር።
5. ናዚ ማሕበር ቤት ፅሕፈት በጀት የዳሉ ብቦርድ ምስ ፀደቐ ተግባራዊ ይገብር።
6. ናይዚ ማሕበር ዕላማ ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ እቶት ዘርክቡ ፕሮጀክታት ኣዳልዩ ንቦርድ ዳይሬክተር የቕርብ፣ ምስተፈቐደሉ ንገበርቲ ሰናሰይ የቕርብ፣ ኹነታቱ



CNT96BA157 L2898-80001

ንቦርድ ዳይሬክተር ብእዋኑ ሓበሬታ ይህብ፣ ምላሽ ምስተረኸበ ተግባራዊ ይገብር።

7. ናይዚ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ስራሕ ፈፀምትን ስራሕተኛታትን ይመርሕ፣ የተሓባብር ይቆፃፀር።
8. እዚ ማሕበር ስራሕቱ ንምስላጥ ዘክእልዎ ደንብታት የዳሉ፣ ኸዳሎ ይገብር ብቦርድ እንትፀድቕ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር።
9. ብዛዕባ ምንቅስቓስ እዚ ማሕበር እዋናዊ ፀብፃብ የቕርብ።
10. ነቲ ቤት ፅሕፈት ዘድልዩ ሰራሕተኛታት ሕቶ ንቦርድ ዳይሬክተር የቕርብ ምስተፈቐደሉ ይቖፅር።
11. ናይ ሰራሕተኛታት መሃያ፣ ኣበልን ካልኦት ጥቕማ ጥቕሚ፣ ምስ ስራሕ ማሕበር ዝተተሓዙ ክፍሊታት ብቦርድ ዳይሬክተር ወይ ብወኪል ምስ ፀደቐሉ ተግባራዊ ይገብር።
12. በብኸባቢኡ ዝተወደቡ ኮሚቴታት ማሕበር ይድግፍ ዘድልዮም ማተርያል ብቦርድ ዳይሬክተር ምስተፈቕደሉ ይዕድል።
13. ሒሳብን ምንቅስቓስን ማሕበር ብናይ ደገ ኦዲተር በብዓመቱ የመርምር። ስራሕ ኣብ ዝለቀሉ እዋን ድማ ኣመርሚሩ ናይ ምርካብ ግዴታ ኣለዎ።
14. ናይዚ ማሕበር ፍቃድ በብዓመቱ የሐድስ።
15. ካልኦት ብቦርድ ዳይሬክተር ዝዋሃብዎ ስራሕቲ ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 24 - ኣቃውማ ኮሚቴታት

ኣብ ዝተፈላለዩ ኸባቢታት ብኣባላት ማሕበር ዝምረፁ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዎም።

1. ኣቦ ወንበር
2. ፀሓፊ
3. ሒሳብ ሹም
4. ገንዘብ ተሓዚ
5. ኦዲተር እዮም።

## ዓንቀፅ 25 - ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴታት

ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ዝምስረታ ኮሚቴታት ብኣቦ ወንበር እናተመርሓ እዚ ዝስዕብ ስራሕ ሓላፍነትን ይህልወን።

1. ተፀዋዕነት ኮሚቴታት ንዝመረፅዎም ኣባላትን ንቦርድ ዳይሬክተርን ይኸውን፣
2. ኣብ ከባቢኦም ዘለው ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ዕላማ ልምዓት ኢሮብ ንምስኻዕ ክውደቡን ናይ ገንዘብ ወፈያ ክገብሩ ምትሕብባር።
3. ካብ ኣባላትን ሓገዝትን ዝተረኸበ አታዊ ብሽም ኣቦ ወንበርን ሒሳብ ሹምን ተሓዚት ገንዘብ ፌርማ ናይ ባንኪ፣ ሒሳብ ምኽፋት።
4. ብቦርድ ዳይሬክተር እንትፍቀደሎም መድረኽ መተኣኻኸቢ እቶትን ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታትን ብምድላው እቶት ማሕበር ምዕባይ።
5. ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጠናኸር ምፅዓር።
6. ብቦርድ ዳይሬክተር እንትፍቀደሎም ንዕላማ ማሕበር ዝውዕል ክፍሊት ምፍፃም።
7. ብቦርድ ዳይሬክተር እንትፍቀደሎም ናይ ኮሚቴ ኣባላት ጥቕማ ጥቕምን ኣበልን ክፍሊት ምፍፃም።
8. ናይቲ ከባቢ ኣባላት ዝመርሑሉ መምርሒ ምድላው ብቦርድ ምስ ተፈቒደሎም ተግባራዊ ምግባር
9. ናይ ከባቢኦም ዓመታዊ ትልሚ ብምድላው ምስ ኣባላቶም ብምዝታይ ብቦርድምስ ፀደቐሎም ተግባራዊ ምግባር።
10. ኣባላት ምምዝጋብን ክፍሊት ምቕባልን።
11. ገንዘብን ንብረትን ሰነዳትን ማሕበር ብኣግባቡ ክተሓዝ ምግባር።
12. እዋናዊ ሪፖርት ንዝመረፅዎም ኣባላትን ንቦርድ ዳይሬክተር ምቕራብ።
13. በብዓመቱን ናይ ስራሕ ዘመኖም እንትውዳእን ንብረት ማሕበር ኦዲት ኣግቢርካ ንቐፃሊ ኮሚቴ ምርካብ።
14. ብናይ ስነ-ምግባር ጉድለት ወይ ብኻሊእ ብቑዕ ምኽንያት ክሰርሑ ዘይካኣሉ ኣባላት ኣመራርሓ የውርድ ከክንድኦም ብመረፃ ማሕበር ክትኩኡ ይገብሩ።
15. ካልኦት ብኣባላቶምን ብቦርድ ዳይሬክተርን ዝዋሃቦም ተመሳሰልቲ ስራሕቲ ይሰርሑ።

## ዓንቀፅ 26 - ስራሕን ሓላፍነትን ሒሳብ ሹም

ሒሳብ ሹም ብቦርድ ዝምደብ እንተኾይኑ ተፀዋዕነቱ ንቦርድ ዳይሬክተር፣ ኣብ ቤት ፅሕፈት እንተኾይኑ ተፀዋዕነቱ ንስራሕ መካየዲ ናይ ኮሚቴታት ሒሳብ ሹም ድማ ተፀዋዕነቱ ንኣቦ ወንበር ጨንፈር ኮሚቴ ኾይኑ እዞም ዝስዕቡ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎም።

1. ናይቲ ማሕበር ሒሳብ ኣታውን ወፃእን ይቆፃፀርን ብትኽክል ክምዝገብን ክታሓዝን ይግባእ።
2. ናይዚ ማሕበር ሒሳብ ዝንቀሳቐስ ብተቐባልነት ዘለዎም ናይ ሒሳብ ኣሰራርሓ መሰረት ምዃኑ ይቆፃፀር የረጋግፅ።
3. ናይ ማሕበር ገንዘብ ብእዋኑ ናብ ባንኪ ኣታዊ ዝግበር ዘሎ ምዃኑ የረጋግፅ።
4. ናይ ሒሳብ ሰነዳት ብጥንቃቐ ክተሓዙ ይግባእ።
5. ሒሳብ ኦዲት ንኽግበር የዳሉ፣ እዋናዊ ሪፖርት ይገብር።
6. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተፈቐደ ወፃኢ ክኽፈል ንካሽሪ ይእዝዝ።
7. ካልኦት ኣግባብ ዘለዎም ብሓላፊ ዝዋሃቡ ስራሕቲ ይትግብር።

## ዓንቀፅ 27 - ስራሕን ሓላፍነትን ተሓዚ ገንዘብ

ተሓዚ ገንዘብ ተፀዋዕነቱ ንሒሳብ ሹም ኾይኑ ዝስዕቡ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎም።

1. ኣታውን ወፃእን ናይዚ ማሕበር ብሕጋዊ ደረሰኝ ይፍፀም።
2. ዝተኣከበ ገንዘብ ብእዋኑ ናብ ባንኪ ኣታዊ ይግበር፣ ናይ ኣታውን ወፃእን ሰነዳት ብጥንቃቐ ይሕዝ፣
3. ምስ ሒሳብ ሹም ብሓባር ወርሓዊ ኣታውን ወፃእን ሒሳብ ሚዛን የዳሉ።
4. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተኣዘዘ ምዃኑ ብምርግጋፅ ሒሳብ ሹም እንትእዝዝ ክፍሊት ይፍፀም።
5. ብዝምልከቶ ኣካል ኣብ ዝእዘዘሉ እዋን ሒሳብን ሰነዳትን ናይ ውሽጥን ደገን ኦዲተር የመርምር።
6. ስራሕ እንትለቅቕ ወይ ካብ ሓላፍነት እንትቕየር ብኦዲተር ኣመርሚሩ የረክብ።

7. ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ስራሕቲ ብዝምልከቶ ሓላፊ እንትእዘዝ ይፍፀም።

**ዓንቀፅ 28 - በጀት ዓመት ማሕበር**

በጀት ዓመት ካብ ሓምለ 1 ክሳብ ነሓሰ 30 ይኸውን።

**ዓንቀፅ 29 - ምምሕዳር ንብረትን ገንዘብን ማሕበር**

1. በብዓመቱ መወዳእታ መካየዲ ስራሕ ናይ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ኣፈፃፅማ ሪፖርት ንቐፃሊ ዓመት ዘድሊዮ ዓይነት ንብረት ዝሰርሑ ስራሕትን ብዝርዝር ዋጋ ብምቕማጥ የዳሉ ብቦርድ ምስ ፀደቐ ተግባራዊ ይግበር።
2. ሒሳብ ሚዛን ሕሉፍ ዓመት ዝነበረ ትልምን ኣፈፃፅምኡ፣ ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ማሕበር ብናይ ደገ ኦዲተር ኣመርሚሩ ሪፖርት ይግበር።

**ዓንቀፅ 30 - ኦዲት ክፍሊ ናይዚ ማሕበር**

እዚ ማሕበር ተፀዋዕነቱ ንቦርድ ዝኾነ ናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ኦዲት ይህልዎ፣ ስራሕን ሓላፍነትን ድማ ከምዝስዕብ ይኸውን።

1. ናይዚ ማሕበር ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ኣግባብነት ብዘለዎ ናይ ሒሳብ ኣታሓሕዛ ስርዓት ዝተታሓዘ ምዃኑን እዚ ማሕበር ዝረኸቦ ኣታውን ዝገበሮ ወፃእን ናይ ንብረት ምምሕዳርን ብናይቲ ማሕበር ሕግን ደንብን ከምኡ'ውን ብተቐባልነት ዘለዎ ናይ ሒሳብ ኣታሓሕዛን ኣማሓዳድራን ዝተኸተለ ምዃኑ የረጋግፅ።
2. በዚ ማሕበር ዝምደብ በጀት ብዝግባእ በቲ ዝፀደቐሉ ፕሮግራም መሰረት ኣብ ስራሕ ይውዕል ምህላው ይቆፃፀር።
3. ናይዚ ማሕበር ገንዘብን ንብረትን ብትኽክል ምምዝጋቡ ይቆፃፀርን የረጋግፅን።
4. ብዛዕባ ናይዚ ማሕበር ገንዘብን ንብረትን ናይ ሓባር ምምሕዳር ብዝምልከት ንቦርድን ንቤት ፅሕፈትን ኮሚቴታትን ምኽሪ ይህብ።
5. ዝኾነ ናይ ሒሳብ ኣሰራርሓ ምጭብርባር ወይ ተንኮል ዘለዎ ኾይኑ እንተተረኺቡ እቲ ሒሳብ ዝምልከቶም ሰነዳትን መዛግብትን ናይ ምዕሻግን ምርመራ ናይ ምክያድን ስልጣን ይህልዎ።

6. ብዛዕባ ስርሑ ፀብፃብ ንቦርድን ንስራሕ መካየድን የቕርብ።
7. ብዛዕባ ኣሰራርሕኡ ውሽጣዊ መምርሒ ኣዳልዩ ይሰርሕ።

## ምዕራፍ ሰለስተ

## ዝተፈላለዩ ደንብታት

### ዓንቀፅ 31- ምምሕዳር እዚ ደንቢ

እዚ ደንቢ ምምሕያሽ እንተድሊ ኣብ ዓንቀፅ 15(6) ብዝተቐመጠ ስልጣን መሰረት ብ$^{2}/_{3}$ ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ እንትእመነሉ፣ ክማሓየሽ ይኽእል።

### ዓንቀፅ 32 - ምፍራስ እዚ ማሕበር

1. እዚ ማሕበር ዝተመስረተሉ ዕላማታትን ምፍፃም ዘይኽእል ምዃኑ እንተረጋግፅን ብክልተ ሲሶ ($^{2}/_{3}$) ኣባላት ቦርድ እንትውሰንን ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዓብላሊ ድምፂ እንትፀድቕን ይፈርስ።
2. እዚ ማሕበር ዕላማታቱ ከተግብር ዘይካኣለሉ ምክንያት ብሳኣን ብቕዓት ኣመራርሓን ኣሰራርሓን እንተኾይኑ እቲ ኣመራርሓን ኣሰራርሓ ንክልወጥ ወይ ክመሓየሽ ይግበር እምበር ማሕበር ኣይፈርስን።
3. እዚ ማሕበር ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ -1 ብዝተቐመጠ መሰረት ክፈርስ እንተተወሲኑ ክሳብ ዝፈርሰሉ ዕለት ዘጥርዮ ንብረትን ገንዘብን ቦርድ ብዝስይሞ ናይ ደገ ኦዲተር ተመርሚሩ ብዝቐርብ መሰረት ተገምጊሙ እቲ ዘሎ ንብረትን ገንዘብን ኣብ ምንታይ ዕላማ ከም ዝውዕል ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውሳነ መሰረት ይትግበር።

የገንዘብ ሚኒስቴር የቴምብር ቀረጥ ገቢ ዋና መ/ቤት
የተከፈለበት ምክንያት
የገንዘቡ ልክ የኢት. $ 100
በፊደል [illegible]
ወይም $
የደረሰኝ ቁጥር 8127796 ቴምብር ተለጥፏል
12/12 ቀን ፲፱፻ 02 ዓ.ም
የቴምብር ቀረጥ [illegible] አስፈጻሚ ፊርማ

ኪሮስ ሓጎስ ገ/ሂወት
[illegible] የማህበራትና ጠበቆች ምዝገባ ኤክስፐርት
Expert, Associations and Attorneys Registration